# ንሕጊ ኣልቦ ጃንዳ ህግደፍ ዓለምለኻዊ እገዳ እኳ ውሒድዎ!

እዚ ኣርእስቲ'ዚ ዘምረጽና፤ ነቲ ተግባራት ጃንዳ ህግደፍ ብእገዳ ጥራይ ክሓልፍ ዘይኾነስ ክሳብ ኣብ ቤት ፍርዲ ዓለም ክሲ ክቀርቦምን ክእሰሩን ከም ዘለዎም ንምምልካት'ዩ።

ክቡራት ዜጋታት ኣብ ውሽጥን ኣብ ወጻእን ሀገር እትርከቡን እንርከብን፤ ካብ 23 ታኅሳስ 2009፤ ብዓለም-ለኻዊ ደረጃ እተወሰነ ውሳኔ ኣብ ልዕሊ ሕጊ ኣልቦ ጃንዳ ህግደፍ ንዓለም ምሉእ ብሓፈሻ ንሕዝቢ ኤርትራን ፈተውቱን ከአ ብፍላይ ኣዛራቢ ዛዕባ ኾይኑ ከም ዘሎ ሓቂ ኢዩ።

ሕዝቢ ኤርትራ ንእስታት 20 ዓመታት ንበይኑ ኾይኑ፤ ነቲ ኣጋጢምዎ ዘሎ ናይ ምንባር ሕቶ ንክፈትሕ ክራባረብ ድሕሪ ምጽናሑ፤ሎሚ ኲሉ ሽግራቱ ብዓለም ደረጃ ተፈሊጥሉ ኣብ ልዕሊ ግፍዔኛ ጃንዳ ህግደፍ ድሮ'ኳ በደሉ ብቤት ምኽሪ ጸጥታ ዓለም ተረጋጊጹስ እገዳ ተወሲንሉ ይርከብ። እዚ ብ23 ታኅሳስ 2009 ዝተበየነ ብይን ዝተደመሮ ምኽኑ፤ድሪኺታቱ እውን ብዙሕ'ኳ እንተኾነ፤ እቲ ንዓመታት ብስቪላውያን (በርገሳውያን) ማኅበራትን ፖለቲካውያን ውድባትን ዝቐረበ ጥርዓናትን ዝተካየደ ሰላማዊ ሰልፍታትን ንዓለም ዘደነቐ ብዝሒ ስደት ኤርትራውያን ከም ዝኾነ፤ ከየስመርናሉ ክንሓልፍ ኣይንደልን። ከምዚ ዝበለ ደራኺ ቃልሲ ናይ ኤርትራውያን ዜጋታት ኣብዚ ከይተቐየደ ንመሓውራት ጃንዳ ህግደፍ ንምብታኽን ንሰብኣዊ መሰል ሕዝቢ ኤርትራ ንምሕላውን ክሳብ ቅዋማዊትን ዲሞክራስያዊ ኤርትራን እትቀውም ቃልስና ደው ዝብል ኣይኮነን።

እቲ ናይ ሕቡራት ሀገራት ቤት ምኽሪ ጸጥታ ወሲኑዎ ዘሎ እገዳ፤ ክሳብ ዕምሪ ጃንዳ ህግደፍዝሓጽር ምኽኑ ዝፍለጥ ኢዩ። እቲ መድረኽ ዝሓተና ዘሎ ብኹሉ ሜዳያት ቃልስና ከነበርትዕ ኢዩ፤ ስለ ዝኾነ ድማ ሲቪላውያን(በርገሳውያን)ማኅበራትን ፖለቲካያውን ውድባትን ብሓባር፤ ነቲ ናይ ጃንዳ ህግደፍ መደበር ዲፕሎማሲያዊ ቤት ጽሕፈት ንክዕጾ ኣብ ኤእንነብረሉ ሀገራት ጥርዓናን ከነዛይድ ኃላፍነትና ንክንጥቀመሉ ይግባእ።

እዚ እገዳ'ዚ ነቲ ዝምልኽቶ ጠላም ጃንዳ ዘተግብር ጥራይ ኢዩ።ነዚ እገዳ'ዚ ኣብ ረብሓ ሕዝብና ንክውዕል እውን፤ እቲ እንኮ ክንገሮ ዘሎና ብሓባር ንጃንዳ ህግደፍ ደፊእና ምውዳቁ ኢዩ። እቲ ጃንዳ ህግደፍ ኣብ ልዕሊ ሕዝቢ ኤርትራ ዝወርዶ ኣዳራዕ ንሕዝቢ ኤርትራ ኣዳኪሙ፤ዝተወልደ ወለዶ ብሰንኪ ግዱድ ዕስክርና ኣሰቓቕቒ ምሕዳራን ኣተሓሕዛ ሕዝብን፤ ሀገሩ ከም ዝጸልእ ዝገበረ ጃንዳ ኢዩ። እንተኮነ ሎሚ እውን ዝተገብረ እንተተተገብረ ዋዜማታት፤ ንናይ ሓባር (መሬቱ) ሀገሩ ዝከላከል ሕዝቢ ኤርትራ ብሓፈሻ ፤ብሔራትን ሓውሰብሔራትን ኤርትራ ድማ ብፍላይ ምኻኑ ኣህዛብ ዓለም ይስሕትዎ ኢዮም ኢልና ኣይንግምትን፤ ምኽንያቱ ናይ ሓባር ነጽነታዊ ተጋድሎና ብድሆታት ኣጸቢቆም ስለ ዝፈልጥዎን ብዕምቈት ዝርድእዎን መስርሕ ክንዲ ዝኾነ። ኲነታት ጃንዳ ህግደፍ ምስ እንዕዘቦ፤ [ኣብ ውሽጥን ኣብ ደገን ዝፈጸሞ ግፍዕታት ኣህጉራዊ ዶብ ዝጠሓሰ] ሕጊ ኣልቦ ጃንዳ ህግደፍ ንምቕጻዕ ዝተገብረ ዓለምለኻዊ እገዳ እ'ኳ ውሒድዎ።

ጃንዳ ህግደፍ ብሕቡእ ሕቡእ ዝገብሮ ዝነበረን ዝገብሮ ዘሎን ገበናት ኣብ ቃልዕ ወጺኡ ዓለም ምሉእ ምፍላጣ ጻማ ቃልሲ ውጹዕ ሕዝቢ ኤርትራ ውጽኢት ምኻኑ ክንግንዘቦ ይግባእ።

[ክቡራን ዜጋታት ክንዝንግዖ ዘይግብኣና ኣሎ እንተ'ኾይኑ ጃንዳ ህግደፍን ደቂ መዛሙርቶምን ንገበናቶም ክሕተትሉ ምኻኑ ስለ ዝፈልጡ ሕዝብን ሀገርን ሒዞም ፤ ናይ ኣጥፊእካ ጥፋእ ዕላማታቶም የተግብሩ ምህላዎም እቲ ውህሉል ናይ ኣስታት 20 ዓመታት ሚዛን ተሞርታትና ዝህቦ ሓቂ ኢዩ።]

ንሕና ኤርትራውያን ዜጋታት ውዓል ሕደር ዘይብሃሎ መድረኽ ኣርኪቡና ስለ ዘሎ፤ ንፍጻሜታት ጃንዳ ህግደፍን ፖሊሲስታቱን ደው ንምባል፤ መፍትሒ ጸገማትና ሃስስ ክንብል ዘክእለና መስርሕ ክንሕዝ ይግባእና፤ ድአ እምበር ኣእዳውና ኣጣሚርና ፤ኣብ ጉዳይ ሀገርና ተዓዘብቲ ምኻን ጽባሕ ንግሆ ዘሕትተና ኢዩ። ስለዚ ኲላቶም እቶም ጸጋታት ሕብረተሰብ ኤርትራ ዝኾኑ ብሔራት ሓውሰብሔራት ዝካፈልዎ መሰጋገሪ መስርሕ ክካየድ እዋኑ ሎሚ ኢዩ። ምጉርራሕ ደንበ ተቓውሞ ንሕዝብን ሀገርን ኤርትራ ዝጠቕም ስለ ዘይኾነ ንጉርሕታቶም ኣወጊኖም፤ ነቲ ዘየላቡ መድረኽ ንክገጥሙሉ ንጽውዕ።

እቲ ናይ ሕቡራት ሀገራት ናይ ቤት ምኽሪ ጸጥታ ዝወሰንዎ እገዳ፤ ንጃንዳ ህግደፍ ልቡ ዘሕብጥ ድአ እምበር ዘለሳልሰሉ ኣይኾነን፤ ምኽንያቱ ከአ ጃንዳ ህግደፍ በቲ ዓንዳሪ ኣካያይዳታቶም ዝፈጸምዎ፤ ገበንን ኣኪበምዎ ዘሎዉ፤ ግዙፍ ርእሰማልን ስለ ዝርአዮም ንዉዑላት እገዳ ክእዘዙ ባህርያታቶም ዘፍቕደሎም ስለ ዘይኮነ፤ ክሳብ መሬት ዑንቀ ኾይና ትውሕጦም፤ነታ እንኮ መፍትሒት ዝብልዋ ንስንኩፋትንስኩፋትን ሰባትን ስንኩላትን ሓጐልን ዝውንኑ ዜጋታት ኣታሊሎም ዕምርካ ንምንዋሕ፤ እቲ ናይ መወዳእታ መደቦም ንምትግባር ኣብ መላእ

ዓለም በቶም ዝለዐሉ ወከልቱ ከምኒ ዓሊ ዓብዱ፤ ገብርአብ ጠዓመ (መቀለ) ኣብ ቀዳማይ ዕዱቶም ኣብ ሀገር ጀርመን ፍራንክፎርት ይርከቡ።ናይዚ መቀጸልታ ከአ ኲናት ምብራዕ ጥራይ ኢያ።እዚ ድማ ልዕሊ ውሳኔ እገዳ ስለ ዝኮነ ተሪር ተከታሊ ምስርሕ ክመጸ ወይ ክወርዶ ናይ ግድን ኢዩ።

እቲ ኣብ ሀገርና ዘሎ ሽግር ብቐሊሉ ከም ዝዓብን ኣብ ዘይተደልየ ሓደጋ ከም ዝአቱን ርኢና ኣሎና።ስለዚ እቲ እንኮ ፍታሕ ንጃንዳ ህግደፍ ምድርባዮም ኢዩ።

ብወገን ደምበ ተቓውሞ ድማ ንዝወርድ ዘሎ ሓደጋ ብምግንዛብ፤ ብሓባር ምስ ዘይከላኸሉ እውን ሀገራውያን ዜጋታት ኢያቶም ክትብሎም ኣሸጋሪ ክኸውን ኢዩ። ካብ ጌጋታቱ ዘይምሃር ኤርትራዊ እውን ስለ ዘየለ፤ ተቓወምቲ ኢና፤ ውድብ፤ ሰልፊ ኣሎና እናበልካ ብተዛዋዋሪ መንገዲ ዕድመ ጃንዳ ከም ዝነውሕ ተግባራት ምግባር እውን ቅንዕና ዘይብሉ መዳከሚ ሕልና ናይ ዜጋታት ጥራይ ኢዩ።

ክቡራት ዜጋታት በዲለ ምባልን ይቕረታ ምሕታት ኣብ ባህልናን ያታን ዓሚቕ ዝሰረቱ�፝ይኑ ከምኡ እውን ኣብ ፖለቲካ እውን እንተኾነ ባህሪ ዲሞክራስያዊ ኢዩ። ኲላቶም ውልቀ ዜጋታትን ኣባላት ውድባት ሰልፍታት ማኅበራት ከዘውትርዎ ነተሓሳስብ። ዝበደለ ተኸሲሱ መቕጻእቱ ከም ዝወስድ እውን ከነተሓሳስብ ንፈቱ። ተሳዒርካ ነርካ ሰዓሪ ክትኸውን ዘሎ ጉዕዞ ኣዝዩ ነዊሕ ኢዩ። ሕጂ እውን ነዚ ዓለምለኻዊ እገዳ ከይተጠቐምናሉ ምስ ዝሓልፍ ዳግመ ስዕረታት ኾይኑ፤ብደውካ ጸዋዒት ሞት ምጽባይምኻኑ ክንዝንግዓ ኣይግብአናን።

ኪዳን ብግቡእ ምእንቲ ሕዝብን ሀገርን ምስ ዘይሓስብ ከም መተካእታኡ ከነባራብሮ ዝግብአና፤ ነተን ንህገርና ኤርትራ ኣዕኑድ ኾይነን ኣቑመናኦ ዘለዋ ትሽዓተ ብሔራትን ሓውሰ ብሔራትን ኢዩ።

እምበአር ከስ እቲ እዋን ዝጠልቦ ዘሎ ኪዳን ኣብ ነንሕድሕዱ ካብ ዘይተሰማምዔ ከም ጃንዳ ህግደፍ ኣብ ናይ ነበረ ጉሓፍ ደርቢካ ንትሽዓተ ብሔራትን ሓውሰብሔራትን ኤርትራ ትጽቢታዊ ሓባራዊ መስርሕ ከተግብሩ ኃላፍነቶም ንክጥቀሙ ኣለዎም፤ ብምባል ጻዊዕትና ነቅርብን ንተሓሳስብን ኣሎና።

ክቡራት ዜጋታት ኤርትራ ሀገርና ብጸጋታት ማኅበረ-ሰባት ዝተደኮነት ከም ምካኑ መጠን መሬት ኤርትራ ድማ ዋናታቱ ሕብረተሰብ ኤርትራ ኢዩ። ስለ ዝኾነት ድማ ኢና ኲሉ ጊዜ ጠለብና ናይ ሓባራዊ መስርሕ ንክህሉ እንጽውዕ ዘሎና።

ስለዚ እቶም በብሔራቶም ንመሰሎምን ንጃንዳ ህግደፍ ንምብዳህ ዓቕሞም ንምግባር ዝብገሱ ዘለዉ ኃይልታት ሀገራዊ ሕብረት ንክገብሩ ምሕታት እውን እዋኑ ሕጂ ድአ እምበር ንጽባሕ ዝብህሎ ኣይኮነን።
ከምኡ እውን ሲቪላውያን ማኅበራት፤ነቲ ኣብ ሀገርና፤ ኣብ ልዕሊ ንሕዝብን ሀገርን ዝወርድ ዘሎ ግህሰት ሰብአዊ መሰላትን ክብድሃ እንተ ድአ ኾይነን፤ ናይ ሓባር ዓለም ለካዊ ኤርትራዊ ሲቪላዊ ማኅበር፤ኣብ ከክፍሊ ዓለሙን ዓለምን ብሕብረት ዘጸውዔንን ዘስርሔንን ሕግታት ክገብራ ይግደዳ።

እምበርከስ ኲሉ ኤርትራዊ ዜጋ፤ ንክጥርነፍ ህሉው ኲነታት ሕዝብናን ሀገርና ብምግምጋም፤ ነቲ ተወሲኑ ዘሎ እገዳ እውን ንኲሉ ዜጋ ከይፈላለየ፤ነቲ እገዳ ኣብ ረብሓ ሕዝብናን ሀገርናን ንኸነውዕሎ፤ እቲ መፍትሒ ምትሕቁቋፍ ምትሕግጋዝ እሂን ምሂን ምብህሃል ወዘተ ጥራይ ዘይኾነስ ሓደ ልቢ ሓደ ሕዝቢ ደቂ ሓንቲ ሀገር ምኻና ዘረጋግጽ ሓባራዊ ኣሰራርሓ ሓባራዊ መስርሕ ንከነካይድን ከነማዕብልን፤ እሞ ነቲ ኣብ ልዕሊ ጃንዳ ህግደፍ ተበይኑ ዘሎ ብይን ግብራዊ ንክንገብሮ፤ ካብቲ ዝነአሰ ማኅበረ- ሰብ ኤርትራ ክሳብቲ ጊዝያዊ ሓባራዊ መሰጋገሪ መንግሥቲ ንምትካል ሀገራዊ ግቡእናን ኃላፍነትናን ምኻኑ ፈሊጥና ኤእጃምና ከነበርክት ጊዜኡ ሎሚ ኢዩ።

ሀገር ንብዙሓት ብዙሓት ንሀገር
ዘለዓለማዊ ክብርን ዝኽርን ንስዉአትና
ሰላምን ቅሳነትን ንሕዝብና
ሓድነትና ይጠጥዕ
ኤርታርዊ ማኅበር ተጣባቒ ሰብአዊ መሰል ሽቱትጋት ባደን ቩርተምበርግ ጀርመን